**CDP ብወግዒ ዝፍለጥ ገባር ሰናይ እዩ። ምስ ዕጁን ኣልኮላዊ መስተን ርክብ ዘለዎም ሽግራት ንዘለዎም ሰባት ኣብ ምሕጋዝ ናይ 20 ዕመታት ተሞክሮ ኣሎና።**

ዓዲ እንግሊዝ ልክዕ ከምተን ካልኦት ሃገራት ናይ ዕጽን ኣልኮላዊ መስተን ጸገማት ኣለዋ። ፖሊስ ንኽም በዓል ዕጺ ምሻጥ ንዝኣመሰሉ ጸገማት ይከታተሉ እዮም፣ እንተኾነ ግን ዝበዝሑ ጸገማት ብሕታዊ እዮም። ንጥዕናን ህይወትን ናይቶም ተጠቀምቲ ዕጹን ስድራ ቤቶምን እዮም ዝጸልዉ።

CDP ኣብ ከምዚ ዝኣመሰሉ ኹነታት እዩ ዝሕግዝ። ናይ **access** ኣገልግሎትና፣ ነዚ ብሰንኪ ዕጽታት ንዝተፈጥረ ስቓይ ኣብ ምንካይ፣ እንተ ተኻኢሉ ኸኣ ደው ኣብ ምባል፣ ምስ ግለሰባትን ስድራ ቤታትን ኮይኑ ይሰርሕ።

ነፍስወከፍ ሰብ እንታይ ዓይነት ጸገም ከምዘለዎ ንምፍላጥ፣ ንነፍስወከፍ ሰብ ንግምግም። ኣብ ርእሶምን ኣብ ልዕሊ ስድራቤቶምን ከምጽእዎ ንዝኽእሉ ሳዕቤናት ኣብ ምንካይ ንሕግዞም። ነቲ ዘለዎም ናይ ዕጺ ወይ ኣልኮላዊ ወልፊ ደው ኣብ ምባል ወይ ኣብ ምንካይ ከምኡውን ምቁጽጻር ኣብ ዝኽእሉሉ ደረጃን ንኽበጽሑ ምስኦም ብሓባር እናሰራሕና ንሕግዞም።

ነቲ ዘሎካ ሽግር፣ እምነታትን ተወፋይነትን ርኢኻ፣ ንስኻ ባዕልኻ እንታይ ከተሳልጥ ከም እትደሊ ወስን።

**ኣብ ነኣሽቱ ማሕበረ ኮማት ዝርከቡ ሰባት ፉሉይ ዝኾነ ጸገማት የጋጥሞም። እዞም ጸገማት ከኣ፣ ነዚ ዓዲ ሓድሽ እንተኾንካ ኣዝዮም ብርትዕ ክብሉ ይኽእሉ።**

ኣብ ሓድሽ ማሕበረ ኮም ዝርከቡ ሰባት፣ ክርድእዎ ንዘይክእሉ ጸገማት ዝተቓልዑ ክኾኑ ይኽእሉ። እቲ ናትካ ኣተኩሮ ስራሕ ኣብ ምርካብ፣ እትነብረሉ ገዛ ምርካብ ወይ ንስድራ ቤትካ ሓገዝ ምርካብ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኩሉ ነገር ሓድሽ እዩ፣ ስለዚ ጸገም ርኢኻ ምልላይ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ኸኣ፣ ብሕልፊ ዕድሚኦም ንእስ ንዝበለ ወባት ቁሩብ ጽንክር ክብል ይክእል እዩ። ናብ ቤት ትምህርቲ፣ ኮሌጅ፣ ወይ ስራሕ ክኸዱ ከለዉ፣ ሓደሽቲ ሰባት ክረኽቡ እዮም። ስድርኦምን ኣብቲ ማሕበረ ኮሞም ዝርከቡ ሽማግለታት ዘይርድኡዎም ፈተናታትን ሓደጋታትን ክቃልዑ እዮም።

ሓደሽቲ ማሕበረ ኮማት፣ ዕጺ እዮም ኢሎም ዘይግምቱዎም “ንጥረ ነገራት” ሒዞም ክመጹ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ዓዶም ነዞም ንጥረ ነገራት ናይ ምጥቃም ናይ ባህላዊ መገዲ ይህሉ ነይሩ ይኸውን። እንተኾነ ግን፣ እዞም “ንጥረ ነገራት” ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ሕጋዊ ንኸይኮኑ ይኽእሉ እዮም። ነዞም ንጥረ ነገራት በየናይ ኣገባብ ክትጥቀመሎም ከም እትኽእል ንምፍላጥ ምኽሪ የድልየካ ይኸውን።

CDP ኣገልግሎት ባናጻ እዩ ዝህብ

CDP ዝህቦም ኣገልግሎታት ብሚስጥር እዮም ዝትሓዙ

**access** ኣብ መላእ ሀገር ምስዝርከቡ ማሕበረ ኮማት እዩ ዝሰርሕ። ኣብ ናይ ማሕበረኮም ማእከላት፣ ኣብ ናይ መንፈሳዊን ናይ ቋንቋ ቤት ትምህርትታትን ፣ ኣብ ናይ ምሕዝነት መራኸቢ ቦታታትን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ቀጽሪ ናይ CDP ፣ ሓገዝን ሓበሬታታትን ንህብ ኢና። ካብዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ንዝኾነ ሓገዝ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

## CDP ዝህበካ ኣገልግሎታት፤

- ሓደ ንሓደ ኾይንካ ዝውሃብ ሓገዝ
- ብስልኪ ዝውሃብ ምኽሪን ደገፍን
- ንስድራ ቤትን ኣዕሩኽትን ሓገዝ
- ናይ ሕክምና ሓገዝ ኣብ ምርካብ
- ናብ ጉጅለታትን ካልኦት ትካላትን ምጥባቅን ሪፈር ምግባርን

## ምኽርን ጽሑፋትን

**access** ናብ ዝተፋላለዩ ቋንቋታት ዝተተርጎመ ናይ ዕጺ ሓበሬታ ዝሓዘ ጽሑፍ ኣለዎ። ነዚ ዝሑፍ ከኣ ብነጻ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ብቋንቋኻ ዝተጻሕፈ ጽሑፍ እንተሎና ሕተት። ደውለልና ወይ ናብቲ ዋና ቤት ጽሕፈትና መጺእካ ሕተት።

CDP ኣተርጎምቲ ኣይቆጽርን እዩ። ምሳና ኣብ ምዝራብ ሓገዝ ዘድልየካ እንተኾይኑ፣ ኣብ መብዝሕትኦም ማሕበረ ኮማት፣ ኣብ ኣገዳሲ ኣኼባታት ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ዝሕግዙ ሰባት ኣለዉ።

## ብዘይ ቆጸራ ምምጻእ

ብቐሊሉ ክትረኽቦ ትኽእል፣ ብናጻ ዝውሃብ፣ ሚስጥራዊ ዝኾነ ኣገልግሎት ኢና ንህብ። ኣብቲ ቤት ጽሕፈትና ዝሰርሓሉ ሰዓታት ኣብ ዝኾነ ሰዓት ንኽትመጽእ ወይ ክትድውለልና ትኽእል ኢኻ (ነቲ ብድሕሪት ዘሎ ገጽ ተወከስ)።

## ኢስት ሃል

ኣብ ኢስት ሃል ከባቢ ንዘለዉና ኣድራሻታትን ናይ ስራሕ ሰዓታትን ንምፍላጥ፣ ምስቲ ዋና ቤት ጽሕፈትና ተራኸቡ።

cdp

## ናይ ስራሕ ሰዓታት

**Hull**

**ሰኑይ/ሰሉስ/ዓርቢ**
9.00 am — 4.30 pm

**ረቡዕ/ሐሙስ**
11.30 am — 7.00 pm

CDP
61 Spring Bank
HULL HU3 1AG

**ስልኪ፤** (01482) 225868
**ፋክስ፤** (01482) 580025

www.challengingdependency.co.uk

The Council for Dependency Problems

*Company No: 2533486*

*Registered Charity No. 1002636*

cdp

**Challenging Dependency**

# ነኣሽቱ ማሕበረ ኮማት ንምሕጋዝ




*ጽልዋታት ናይ ዕጽን ኣልኮላዊ መስተን ንዘስግኦም ነኣሽቱ ማሕበረኮማት ዝተዳለወ፣ ካብ ሓደጋ ነጻ ዝኾነን፣ ደገፍ ወሃቢን ከባቢ*